

ህግደፍ ተሰጉ
መለመኒኡ ተዓሺጉ

*Tesfamariam wel.15/04/2017*
*oslo Norway*

እልል በል ህዝበይ ህግደፍ ተሳዒራ
ዝኣመንዋ ዕርዶም ትማል ተሰቢራ
ተሓጎስ ደላይ ፍትሒ ጸማኻ ሲዒራ
ወልፊ ጓይላ ዝነበራ ተሪፋ ኣንቃዕሪራ

ቅያ ተሰሪሑ ኣብ ሆላንድ ኤንድ ሄቨን
ንህግደፍ ሓዘን ንደላይ ፍትሒ ሓበን
ታኣምር ክንሪኢና ሓዲኡሎ ሎምዘበን
ክንሪኢና ህግደፍ ክበላልዓ ሕድሕደን

ኤውሮ ክግሕጡ ከም ቀደም መሲሎዎም
ተራኣኻስ ባዶ ተሰኪሞም ጽርግ ንዓዶም
ህግደፍ ህግደፋውያን ተጋሊጹ ጉድኩም
ፈኸራኹም ተሳዒሩ ማይ ዓሚኽ ኩም

ይኣኽለኩም ጠራዕራዕ ዙሑል ማይ ስተዩ
ምስ ህዝብኹም ተሰርዑ ድሓር ከይትጉህዩ
ንህግደፍ ኣይትእመኑ ጽባሕ የለን ከያዳዩ
ጓይላ ተደመቐ ሓሸውየ ንመዐሸዊኹምዩ

ተኸፊሎም ዝሰርሑ ከም ብዓል ዶ.ጊዲኦን
ሶፍያ ፎካስ ዘይምዕርግቲ ንኸትሪኣ ተሕዝን
ከም ካሰት ተመሊኣ ትግዕር ዘየሎ ትትንትን
ደገ ሕዳር ደረቐኛ ትፍትን ልዕለና ክትከውን

ኣቶ ማንኪ ዘፍ ኢሉ ልቡን ቀልቡን ጠፊኡዎ
ኣብ ሓሳብ ተሸኺሉ ኢሱ ክሶን ድዩ ከእትዎ
ህግደፋውያን ደቂ ሓራም ጽባሕ ትሰምዕዎ
ህግደፍ ፋይዳ የብሉን ምድንጋጽ ግደፍዎ
ዝተታለልኩሞ ይኣክል ሎሚ ሓንጎል ኣስርሕዎ

ሎም ዘመን ህግደፍ ሓንቲ ዓይኑ ነቑራ ነቲዓ
ምናልባት ተጸኒሓ ድማ ዝተረፈት ዓይኒ ነባርዓ

ደቂ ሕድርትና ናይ ህግደፍ ሓዚነን ዘይሳዕሳዓ
ወልፈን ከይሰዳ ሓይሊ ደለይቲ ፍትሒ በርቲዓ

ጀጋኑ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሆላንድ ዝወዓልኩም
ፍረኹም ሪኢናዮ ኮሪዕና እንቋዕ ደስ በለኩም
ስኽፍታ ግን ኣለና ሓቢርና ዘይውዓልና ምሳኹም
ኣማኢት ክንስኹም ነሻሓት ህግደፋወያን ሲዒርኩም

ኤረና ኩሑሉ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ

ህግደፍ ጸሙ ሓዲሩ
መለመኒኡ ተዓሺጉ